# ዝኽሪ ሚያዝያ ሓጺር ታሪኽ ሕጋዊ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ
# ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 30 ዓመት ረፈረንዱም ኤርትራ

(6ይ ክፋል



ሰሎሙን በርሀ

ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 30 ዓመት ረፈረንዱም፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ናብዚ ታሪኻዊ ዕለት ንምብጻሕ ዝተሓልፈ ታሪኽ ንምዝኽኻር፡ ካብ ኣመጻጽኣ ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ ጀሚራ ክሳብ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ዝሓለፎ መድረኻት ብሓጺር ድሕሪ ምግላጽ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ልኡላውነት ኤርትራ ንምቕልባስ ብዶብ ተሳቢቡ ናብ ዝተወልዐ ግጭት ብምስጋር፡ ክሳብ ቀዳማይ ወራር ወያነ ዝነበረ ኩነታትን ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ነበርቲ ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ግፍዒን ናይ ምብራር ስጉምቲን ገሊጻ ነይራ። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦ ዕንደራን ዘሕንኽ ስዕረትን ኣብ ለካቲት 1999፡ ወያነ ዝኣኽሎ ደገፍ ሰኒቑ "ተዳልየ ኣለኹ" ምስ በለ፡ ነቲ ብመንጎኝነት ምምሕዳር ኣመሪካ ተበጺሑ ዝነበረ ግዝያዊ ስምምዕ ምቁራጽ መጥቃዕቲ ኣየር ብምፍራስ፡ ካልኣይ መጠነ ሰፊሕ ወራር ኣበገሰ።

እቲ ወራር ባርኾት ምምሕዳር ኣመሪካ ዝነበሮ ብምኳኑ ድማ፡ ጃንዳ ወያነ ስምምዕ ምቁራጽ መጥቃዕቲ ኣየር እናጠሓሰ፡ ካብ ፕረዚደንት ክሊንተን ይኹን መንግስቲ ኣመሪካ ዝተሰምዐ ተሪር ተቓውሞ ኣይነበረን። ውጽኢት ናይቲ ወያነ ብወተሃደራዊ ክኢላታት ኣመሪካን ካልኦት ተሓባበርቲን ኣብ ወረቐት ዝሓንጸጾ ናይ ወራር ውጥን ግን፡ ኣብ ባይታ ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ክኸይድ ኣይከኣለን። ወራሪ ሰራዊት ወያነ፡ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት፡ ብሓያል መኸተ ተረከብቲ ሕድሪ ኤርትራውያን መንእሰያት ሕቖኡ ተጎዚዙ ተረኺሱ መሸ። ጃንዳ ወያነ ብሕልፊ ኣብ ግንባር ጾሮና ዘጋጠሞ ስዕረትን ዘህለቖ ሰራዊትን ኣጽዋርን ዘሕንኽ ታሪኽ'ዩ። በዚ ትጽቢት ዘይተገብረሉ ውጽኢት ምሒር ዝተሰናበደ ወያነ፡ ግዜ ብምሽማት ዝሰፍሐ ምድላዋት ንምግባር፡ ነቲ

ኣብ መበል 35 ኣኼባ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ብመንጎኛታት ዝቐረበ ባይታ ንስምምዕን ኣገባብ ትግባረኡን (Frame work agreemement & Modalities) ዝተሰምየ ሰነድ ክቕበሎ ተቐሰበ። እቲ ስምምዕ ናብ ትግባረ ምእንቲ ከይሰግር ከኣ፡ ወያነ፡ ነቶም መንጎኛታት፡ "ተወሳኺ መብርሂ የድልየኒ ኣሎ፣ ዘይነጸረ ጉዳያት ኣለዋ፣ ዝያዳ ክዳቐቕ ዘለዎ ነጥቢታት ኣሎ" ብዝብል ምስምሳት ሰሎሙን በርሀ (6ይ ክፋል) ዕንክሊል እናበለ፡ ንዝቕጽል ገዚፍ ወራር ሰፊሕ ምቅርራባት የካይድ ነበረ። ኣብ መስከረም 1999፡ ኣመሪካ ምስ ኤውሮጳዊ ሕብረት ብሓባር ዘተ ሰላም ኣብ እተሳልጠሉ ዝነበረት እዋን፡ ንኣመሪካ ዝወከለ ኣሳላጢ፡ ኣንቶኒ ሌክ፡ ነቲ ኣብ ሓምለ 1999 ኣብ መበል 35 ኣኼባ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ዝጸደቐ ባይታ ንስምምዕ ኣብ ምትግባር ዝሕግዝ ቴክኒካዊ ቅጥዒታት ዝተሰምየ ዝርዝራውን ናይ መጨረሽታን ሰነድ ሒዙ ቀረበ። ወኪል ኣመሪካ፡ "ኤርትራ ኣይትቕበሎን እያ፣ ወይ ብውሑዱ ኣብ ገለ ነጥቢታት ክትከራኸር እያ" ዝብል ግምት ግዲ ነይሩዎ፡ ነቲ ሰነድ ዘይቕበል ወገን ከቢድ ሽግር ክገጥሞ ምዃኑ ከሎ ገና ብምፍርራሕ፡ እቲ ሰነድ ንዘተ ፈጺሙ ክፉት ከምዘይኮነ ጠቒሱ፡ "ጉሰሞ ወይ ተሓሰሞ" ብዝዓይነቱ ውዱእ መልክዕ ኣቕረቦ። ኤርትራ ሽዑ ንሽዑ ተቐቢላቶ፡ ወያነ ግን ምስምስ ኣብዝሐ።

ምምሕዳር ኣመሪካ ከኣ፡ ነዚ ሰነድ'ዚ ዝተሓሰመ ወገን ሽግር ክገጥሞ'ዩ ኢሉ ከምዘየፈራርሐ፡ ዝኣተዎ መብጽዓ ከይተግበረ፡ መልሓሱ ሓይኹ ኣጽቀጠ። ፈውሲ ሕሜታ ግን፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ፡ ኣብ ልዕሊ በዳልን ተበዳልን፡ ተሓሳምን ተቐባልን ብዘይ ኣፈላላይ ናይ ኣጽዋር እገዳ ክውሰን ደረኸ። ኣብ ግንቦት 2000፡ ወያነ "ደጊም ንዘየዳግም ወሳኒ መጥቃዕቲ ተዳልየ ኣለኹ" ኢሉ ምስ ተኣማመነ፡ ብደገፍ ስለያዊን ወተሃደራዊን ሓበሬታ ኣሸቀልቱ፡ ብ12 ግንቦት 2000 ን3ይ መጠነ ሰፊሕ ወራር ነቐለ። ይኹን'ምበር፡ ሽዑ እውን ወራሪ ሰራዊት ወያነ፡ ብምኩራት ኤርትራውያን ተዋጋእቲ ተሪር መኸተ ገጢምዎ፡ ነዊሕ ብስም ዳያሎግ ሕጋዊ ብይን ንምቕልባስ ተመዚዙ ዝነበረ ፍሉይ ልኡኽ ሕ.ሃ. ሎይድ ኣክስዎርዚ ምድላው ዝተገብረሉ ውጥኑ ተዘሪግዎ፡ ዝሓለኖ ሽቶ ክወቅዕ ኣይከኣለን። ኣብዚ ሳልሳይ መጠነ ሰፊሕ ወራር'ዚ፡ ዕላማ ወራሪ ሰራዊት ወያነ ኣስመራ ብምእታው ንመንግስቲ ኤርትራ ምእላይ'ዩ ነይሩ።

ይኹን'ምበር ብኹሉ ግንባራት ዝኸፈቶ መጠነ ሰፊሕ መጥቃዕቲታት ሓይሉ ጸንቂቑ ሒግግ በለ። ኣብ ባይታ እዚ እናኾነ፡ ብጻዕሪ ፕረዚደንት ኣልጀርያ ዓብደልዓዚዝ ቡተፊሊቃ፡ ነቲ ኲናት ንምዕራፍ ወከልቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንዘተ ኣብ ኣልጀርስ ከምዝራኸቡ ተገብረ። ኣብቲ ቅንያት'ቲ ወያነ፡ ብሓደ ወገን ንዘተ ኣብ ኣልጀርስ ኮፍ ኢሉ ከብቅዕ፡ በቲ ካልእ ወገን ብውሑዱ ዓሰብ ተቘጻጺርካ፡ ላዕለዋይ ኢድ ሒዝካ ኣብ ዘተ ምእታው ብዝብል ሓሳብ፡ ኣብ ግንባር ዓሰብ ተደጋጋሚ ፈተነታት እናካየደ ነቲ ዘተ-ሰላም ን10 መዓልታት

ክናውሖ እኳ እንተፈተነ፡ እዚ ናይ ቅብጸት ፈተነ'ዚ እውን ኣይሰለጠን። ሰራዊት ኤርትራ፡ ብኣዝዩ ውሕሉል ወተሃደራዊ ስልቲ፡ ኣብ ግንባር ዓሰብ ንሰራዊት ወያነ ኣዳኺሙ፡ ብጸረ□መጥቃዕቲ ነቲ ወራሪ ሰራዊት ሓግሒጉ ንምጽራግ ኣብ ዝነቐለሉ ግዜ ድማ፡ ወያነ ኣብ ልዕሊ ወራሪ ሰራዊቱ ዘንጠጠየ ከቢድ ሓዳጋ ንምውጋድ፡ ተጓይዩ ኣብ ስምምዕ ኣልጀርስ ክፍርም ተገደደ። ኣብ ሰለስቲኡ መጠነ ሰፊሕ ወራር ወያነ፡ ኣመሪካን መሻርኽታን ብቐጥታን ብመንገዲ ወኪላተንን፡ ንወያነ ፋይናንስያዊ፡ ስለያዊን ወተሃደራዊን ሓገዝ የስንቕኦ ምንባረን ዝተኸወለን ኣይኮነን። ጭብጢታቱ ስኑድ እዩ።

ምዕልባጥ ድሕሪ ስዕረት እቲ ኣብ ጠረጴዛ ብቐሊሉ ብሕጋውን ሰላማውን መገዲ ክፍታሕ ዝኽእል ዝነበረ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብዓማጺ ዕላማታት ወያነን ኣሳሰይቱ ግዳማውያን ሓይልታትን ናብ ዘየድሊ መጠነ ሰፊሕ ኲናት ብምዕራጉ፡ ካብ ግንቦት 1998 ክሳብ ሰነ 2000 ኣብ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ረጽሚ፡ ህዝቢታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝኸፈልዎ ዋጋ ቀሊል ኣይነበረን። እንተኾነ ምትእትታው ግዳማውያን ሓይልታት ኣውራ ምምሕዳር ኣመሪካ በዚ ኣየብቅዐን። ነቲ ብዙሕ ህይወት ዝቐዘፈን ከቢድ ዕንወት ዘኸተለን መጠነ ሰፊሕ ኲናት ንምዕራፍ፡ ብጻዕሪ ግዱሳት ወገናት ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣልጀርስ፡ ኣብ ግብሪ ከይውዕል፡ ወያነ ዝፈጠሮ ዕንቅፋትን ን20 ዓመታት ዝቐጸለ ኩነተ-ተጻብኦን ምስሳይ እውን፡ ብኣመሪካን መሻርኽታን ኣብ ልዕሊ ክልቲኦም ህዝብታትን፡ ህዝብታት ዞባናን ዝተስገደደ ካልእ ዝዓበየ በደል እዩ። ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ፡ ዳናዪ ኮምሽን ቆይሙ፡ ስርሑ ኣብ ዘሰላስለሉ ዝነበረ ግዜ፡ (2000-2002) ብጾቕጢን ታህዲዳትን፡ ውሳነ ናይቲ ኮምሽን ንምጽላውን ፍትሒ ንምጉዕጻጽን ዝከኣል ፈተነታት ተኻይዱ'ዩ።

ግን ኩሉ ሃቐነታት ኣይሰመረን። ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን እምበኣር፡ ንብዙሕ ምትእትታውን ጾቕጢን እንተላይ ብገንዘብ ንምስድዑ ዝተገብረ ፈተነታት ሰጊሩ'ዩ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ብ13 ማዝያ 2002 ውሳነ ክህብ ዝበቕዐ። ኮምሽን ዶብ ውሳነኡ ኣብ ዝሃበሉ ዕለት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ስርዓት ወያነ ብተርባጽ ናብ ሜድያ ቀሪቡ፡ ነቲ ኮምሽንን ስርሑን ብምንኣድ፡ ነቲ ውሳነ ከምዝተቐበሎ ምግላጹ ኣይርሳዕን። ኣይሰሙን ኣይሳልስቲ ግዳ፣ "እቲ ውሳነ ርዱእ ኣይኮነን፣ መብርሂ ንደሊ ኣለና" ዝብል ጥርዓን ካብቲ ስርዓት ናብቲ ኮምሽን ቀሪቡ። እዚ ተዋቓዒ መግለጺታት'ዚ፡ ኣብ ግዜኡ ንብዙሓት ዘገረመ ነበረ። ኣብ ክረምቲ ናይ 2002፡ ኮምሽን ዶብ ስምምዕ ኣልጀርስ ብዘሰከሞ ሓላፍነት መሰረት፡ ዶባት ኣብ ባይታ ንምምልካት ምድላዋቱ ኣጻፊፉ፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2002 ምትካል ኣዕኑድ ምእንቲ ክጅመር፡ እቲ ዝተዳለወ ካርታ ንክልቲኦም ወገናት ብምርካብ፡ ኣብ ቀጻሊ ዕማም ዝሕግዝ ርእይቶታቶም ክገልጹ ዕድል ሂቡ ነይሩ።

ኤርትራ ንስራሕ ይሕግዝ'ዩ ዝበለቶ ቴክኒካዊ ርእይቶታት ኣብ 17 ገጻት ኣስፊራ ከተቕርብ እንከላ፡ ወያነ ግን 141 ገጻት ዝሓዘ፡ ካብ ቴክኒካዊ ርእይቶ ወጻኢ፡ ንብይን 13 ሚያዝያ ኪቕልስ ዝህቅን፡ እቲ ብ13 ሚያዝያ ዝተወሰነ ሕንጻጽ ምትዕርራይ ክግበረሉ ዝሓትት፡ መስደመም ጥርዓን'ዩ ኣቕሪቡ። ከም መልሲ ግብሪ ናይዚ ጥርዓን'ዚ፡ ኮምሽን ዶብ፡ ብ21 መጋቢት 2003፡ ናይ ክልቲኦም ወገናት ርክብ ብምዕዳም፡ ኣብቲ ብብይን 13 ሚያዝያ ዝተወሰነ ዶብ ክግበር ዝከኣል ምቅይያር ከምዘየለ፡ እቲ ኮምሽን ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ፡ ሓላፍነቱን ስልጣኑን፡ መግዛእታዊ ውዕላትን ተዛመድቲ ኣህጉራዊ ሕጊታትን ምርኩስ ብምግባር ዶባት ምሕንጻጽን ምምልካትን ጥራይ ምዃኑ ብዘየዳግም ቃላት ገሊጹ ንስርዓት ወያነ ኣቕበጾ። በዚ ተስፋ ዝቘረጸ ቀዳማይ ሚኒስተር ወያነ፡ ኣብ መስከረም 2003፡ ንብይን ኮምሽን ዶብ፡ "ዘይሕጋዊ፡ ዘይሓላፍነታዊን ዘይቅኑዕን" ኢሉ ብምዝላፍ፡ ባይቶ ጸጥታ "ካልእ ኣማራጺ መካኒዝም" ክናዲ ብወግዒ ሓተተ። ኮምሽን ዶብ ብወገኑ ደድሕሪ'ዚ መግለጺ'ዚ ብ19 ጥቅምቲ 2003፡ ምስ ክልቲኦም ወገናት ተራኺቡ፡ ርእይቶታቶም ድሕሪ ምስማዕ ናብ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝለኣኾ መበል 11 ጸብጻቡ፡ ሽግር ኢትዮጵያ ኣብ ኣገባብ ምምልካት ዶብ ዘይኮነ፡ ብቐንዱ ዘይዕግበት ኣብቲ ዝተዋህበ ብይን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ባይቶ ጸጥታ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ዕንቅፋት ንምስጋር ስምምዕ ኣልጀርስ ብዘሰከሞ ትግባረ ብይን ናይ ምስግዳድ ሓላፍነት፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ጸቕጢ ክገብር ጸዊዑ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ወያነ፡ ናብ ባይቶ ጸጥታን ኮምሽን ዶብን ዝጽሕፎ ዝነበረ ሓያሎ ደብዳበታት፡ እቲ ዘከራኽር ዝበሃል ከባቢታት 15% ናይቲ ዶብ ጥራይ ኮይኑ፡ ንዕኡ ንምፍታሕ ፍሉይ መካኒዝም ክቘውም ዝሓትት'ዩ ነይሩ። ኮምሽን ዶብ ነዚ ኣመልኪቱ ካብ ዝሃቦ ሓያሎ ሕጋዊ መልሲታት ሓደ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡- "ኢትዮጵያ፡ ነቲ 'ዘሰሓሕብ ክፋል ናይ ዶብ' ንምምልካት ካልእ ኣማራጺ መካኒዝም ክፍጠር እማመ ኣቕሪባ ኣላ። ምቛም ካልእ መካኒዝም፡ ነቲ ብዓንቀጽ 4.2 ናይ ስምምዕ ኣልጀርስ ንኮምሽን ዶብ ዝተዋህበ ስልጣን ዝግህስ ዘይሕጋዊ ተግባር እዩ። ብተወሳኺ፡ እቲ "ኣሰሓሓቢ" ተባሂሉ ብኢትዮጵያ ዝግለጽ ዘሎ ዶብ፡ ኢትዮጵያ በይና ከም ኣሰሓሓቢ እትፈልጦ እምበር፡ ኣሰሓሓቢ ዝብሎ ካልእ ወገን የለን።" ኮምሽን ዶብ ስዒቡ ናብ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ዝልኣኾ መበል 12፡13፡14፡15 ጸብጻባት እውን፡ ዕንቅፋታት ኢትዮጵያ ገና ከምዘይተኣልየ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ፡ እቲ ኮምሽን ስርሑ ከሳልጥ ከምዘይከኣለ እናገለጸ፡ ኢትዮጵያ ዝፈጠረቶ ዕንቅፋት ተሰጊሩ፡ ስርሑ ክቕጽል ተስፋ ብምግባር፡ ቁጽሪ ሰራሕተኛታት ጥራይ ብምጉዳል፡ ኣብያተ ጽሕፈቱ ከይዓጸወ ይጽበ ከምዘሎ ብቐጻሊ የመልክት ነበረ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ነቲ ጉዳይ ናብ ካልእ ዘይሕጋዊ ማእዝን ኣንሸራቲቱ ናብ ሹኩሹካ ንምእታው፡ "ተፈጢሩ ዘሎ ዕንቅፋት ንምስጋር፡ ዘተ (ዲያሎግ) ክግበር ኣለዎ" ዝብል ሰፊሕ ዲፕሎማስያውን

ፕሮፖጋንዳዊን ዘመተ ተታሓሓዞ። ሕቡራት ሃገራት ከይተረፈ፡ ካብ ሕጋዊ መስመር ወጺኡ፡ ነዚ ዘይሕጋዊ ጸወታ ከሳስይ ዓቢ ድርኺት ተገብረሉ። በዚ ድማ፡ ሚስተር ሎይድ ኣክስዎርዚ ዝተባህለ ዲያሎግ ዘሳልጥ ካናዳዊ በዓል ስልጣን ተመዚዙ፡ “ፍሉይ ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት” ዝብል ስም ተጠሚቑ፡ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ ናብ ክልቲኦን ሃገራት ዲፕሎማሲያዊ መገሻታት ከካይድ ተላእከ። መንግስቲ ኤርትራ ግን ኣይተዳህለለን። ኣብ ሕጋዊ መርገጺኡ ብምጽናዕ፡ ምምዛዝ ፍሉይ ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕጋውነት ከምዘይብሉን ልዕሊ ኮምሽን ዶብ በሪኹ ክቕመጥ ዝኽእል ዳኛ ከምዘየለን ብምግላጽ ኣትሪሩ ተቓወሞ። በዚ ድማ እቲ ዝተኣልመ ተንኰል ነዊሕ ከይከደ በርዒኑ ተረፈ። ሕጋዊ ሞጎተ ኤርትራ ክስገር ዘይክእል ምስ ኮነ ድማ፡ ሕቡራት ሃገራት ንመዝነት ፍሉይ ልኡኽ ክስርዞ ተገደደ።